Stadt Zürich
Umwelt- und
Gesundheitsschutz

# ናይ ጀርመን ድዱዕ

## እቲ ናይ ጀርመን ድዱዕ ባልዕ ጽርየት እዩ፣ ብኣቅሓ ሽቓጥ ድማ ክኣቱ ይኽእል እዩ።

**ቀንዲ ኣገዳሲ**

– ኣብ ብመውዓዪ ዝካየዱ ህንጻታት ይወልድ እዩ ከምኡ'ውን ብቀልቀሉን ተምላሱን ጀርምታት ኣብ መግቢ ወይ ሰባት ክምሓላልፍ ይኽእል እዩ።
– ኣብ ለይቲ ንጡፍ እዩ ከምኡ'ውን ምዉቕን ትርኩስን ቦታታት ይፈቱ።
– ዝኾነ ሰብ መጥቃዕቲ ኪጋጥሞ ይኽእል፣ ካብ ዘይጽሩይ ኩነታት ውን ኣይምርኮስን እዩ።
– ኣብ መጥቃዕቲ ጥራይ ሞያዊ ጻረ-ባልዕ ምንስናስ ይሕግዝ እዩ፣ መነጸጊ ሓሽራ ንባልዕ ኣየጥፍኦን እዩ።
– ኣብ ጥርጣረ ናይ ግድን እንስሳታት ኣከቡ ከምኡ'ውን ብኪኢላ ሰብ ኣረጋግጹ ኢኹም።



ናይ ጀርመን ድዱዕ፣ ስእሊ፥ Reiner Pospischil

**ምስሊ**

– ምስዓበየ 9-15 ሚሊም. ንውሓቱ፣ ቡናዊ ከምኡ'ውን ጻፊሕ ምስ ነዊሕ ኣንተናታት።
– ክልተ ጸሊም ሽራጥ ኣብ ክሳድ፣ እዚ ቀንዲ ኣገዳሲ ካብቲ ንቡር ናይ ዱር ድዱዕ ዝፈላለ መመለይ እዩ። ድዱዕ ዱር እዚ (ክልተ ሽራጥ) የብሉን።
– ክነፍር ኣይክእልን።
– ቀልቀል - ናዕሽቱ ድቡናት ዝመስሉ ጸጸር - ንተረፍ ዝተጠሕነ ቡን እዩ ዝመስል።
– ውላድ (ክሪዛሊስ)፥ ከከም ዕድመ 2-9 ሚሊም. ንውሓት፣ ናዕሽቱ ክንፊት፣ ዓበይቲ ይጽልሙ/ይድብኑ፣ ግን ይመሳሰሉ።



ቀልቀል ድዱዕን ተረፍ እንቋቑሖታትን፣ ስእሊ፥ UGZ



ዓቢይ ድዱዕ ጀርመን (ጸጋም) ምስ ክልተ ዝተፈላለዩ ዕድመ ዘለዎም ውላዳት፣ ስእሊ፥ UGZ

**ኣነባብራ**

– ኣብ ስዊዘርላንድ ጥራይ ኣብ መውዓዪ ዘለዎም ህንጻታት፣ ኣብ ኣፓርትመንታት ብሕልፊ ኣብ ክሽነን ባንዮን።
– ኣብ ለይቲ ንጡፍ'ዩ፣ ኣብ ብርሃን ቀልጢፉ ይሃድም ከምኡ'ውን ኣብ ጨዳድ ይሓብእ።
– ጽልሙት ሽግሹግን ራሕስን ሙቐትን እዩ ዝመርጽ፥ ኤለትሪክ መሳርሒታት ከም መዝሓሊ፣ ሓጻቢት ኣቕሑ መግቢ፣ ማሺን ቡን ወዘተ.
– ክይመረጸ ኩሉ ዝበልዕ፥ ጎሓፍ ካብ መገለል፣ ኩርምራም ባኒ፣ ንጽጎ ስብሒ/ቅብኣት።
– ዋላ ኣብ ኣዝዩ ጽሩያት ገዛውቲ ኪጋጥም ይኽእል።

**ምዕባለ**

– ኣንስተይቲ ብገምጋም 36 እንቋቑሖታት ዘለዎም ፓኮታት ይወልዳ።
– ካብ እንቋቑሖ ክሳብ ብሱል/ብጹሕ ድዱዕ ኣብ 24 ዲግሪ°C ዳርጋ 100 መዓልታት ይወስድ እዩ።

**ምዝርጋሕ**

– ሎሚ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሖም።
– ኣብ ቤት-መግቢ፣ ኣብ ኢንዱስትሪ መግቢ፣ ኣብ ማእከላት ዱካውንቲ፣ ኣብ ባንዮታት ከምኡ'ውን ኣብ ሆስፒታላት እንተላይ ኣፓርትመንታት ይርከቡ እዮም።

**ድዱዓት ኣብ ገዛ ከመይ ይመጹ?**

– ኣብ ኣቕሑት ጉዕዞ ካብ ዕርፍቲ፣ ብብሉይ መናብር፣ ብናውቲ መጎልበቢ ወይ ብዘይፍላጥ ካብ ቦታ ስራሕ ይኣትዉ እዮም።
– ሓንሳዕ ኣብ ገዛ ንኣ. ብመሕለፊታት መናፈሲ ወይ መስመር ካብ ኣፓርትመንት ናብ ኣፓርትመንት እዮም ዝኸዱ።
– መብዛሕትኡ ግዜ ኣፓርትመንታት ጥራይዘይኮነ እንተላይ ምሉእ ገዛ ሽግር ምስ ድዱዓት ኣለዎም።

**ትርጉምን ጉድኣትን**

– ድዱዓት ካብ ርስሓት ኣይመጹን እዮም ከምኡ'ውን ሳዕቤን ዘይእኹል ጽርየት ኣይኮኑን።
– ድዱዓት ይሩያት ኣይኮኑን፣ ጀርምታት ክምሓላልፉ ይኽእሉ ከምኡ'ውን ክድምሰሱ ኣለዎም።
– ቀልቀሎምን ተረፍ ቆርበቶምን ኣለርጂ/ቁጥዐ ክገብሩ ይኽእሉ።

**ምድምሳስ**

– ድዱዓት ካብ ባዕሎም ኣይከዱን እዮም።
– ምጽራይ ኣይሕግዝን እዩ።
– ንጎረባብትኹም ጸገም ምስ ድዱዓት እንተላይ ከምዘለዎም ሕተቱዎም ከምኡ'ውን መጥቃዕቲ ንምምሕዳር ገዛ ሕበሩ ኢኹም።
– ባዕልኹም ብመነጸጊ ሓሸራ ከተጥፍኡዎም ኣይትፈተኑ፣ በዚ እቶም ድዱዓት ኣብ ምሉእ ኣፓርትመንት ወይ ገዛ ክዝርግሑ ይኽእሉ'ዮም።
– እቶም ድዱዓት ኣብ ምሉእ ገዛ ብማዕረ መጠን ክድምሰሱ ኣለዎም።
– ጥራይ ብሞያዊ ባልዕ ዘልግስን ፈደራላዊ ፍቓድ ዘለዎን ትካል ክግበር ይግባእ።
– ብንጹር ዝተገልጸ ዕላማ፥ ፍጹም ጽንታ ኣብ ምሉእ ገዛ።

**ክፍሊታት መን ድዩ ዝስከም?**

– ኣብ መጥቃዕቲ ኣብ ብውሕዱ ክልተ ኣፓርትመንታት ኣብቲ ገዛ፣ እቲ ምምሕዳር ገዛ ሞያዊ ትካል ንከጥፍኦም ክጠልብ ኣለዎ። ኩሎም ኣፓርትመንታት ድዱዓት እንተዘለው ክቆጻጸሩ ኣለዎም።
– ክፍሊታት ብተኻረይቲ ክስከሙ ኣይግባእን እዩ። ንዕኡ ወረቐትና ሓበሬታ «Rechtslage bei Schädlingsbefall (ሕጋዊ መርገጽ ኣብ መጥቃዕቲ ባልዕ)» ረኣዩ። ኣብ ሕጊ ግዴታታት (Obligationenrecht) ኣርት. 256፣ 257f፣ g፣ h፣ 258፣ ከምኡ'ውን 259 ሕጋዊ ኩነት ኣብ ክራይ ዘለዎም ገዛውቲ ተታሒዙ።

**ንሕና ክንሕግዘኩም ኢና**

ደውሉልና፣ እቶም ሓሸራ ንምርግጋጽ ሰደዱልና ወይ ኣምጽኡልና ኢኹም።
ምምካርና ብነጻ እዩ ከምኡ'ውን ጥራይ ንተቐማጦ ከተማ Zürich።

**ስፍራ ምምካር ምልጋስ**

ክፉት ግዜ ንምድዋልን ቆጸራ ምግባርን ን
ተቐማጦ ከተማ Zürich፥
ተለፎን 044 412 28 38
ሰኑይ–ዓርቢ፥ ሰዓት 13.30–14.30

Stadt Zürich
Umwelt- und Gesundheitsschutz
Fachstelle Schädlingsprävention
Eggbühlstrasse 23
8050 Zürich
T +41 44 412 28 38
ugz-schaedlingspraevention@zuerich.ch
stadt-zuerich.ch/schaedlingspraevention